טיפות 2

# ምንስትሪ ጥዕና እስራኤል

## ካብ ሳዕቤን ሕማም ፖልዮ ንምድሓን
## ደቅኹም ጸረ ፖልዮ ኣኽትቡ!

---

### ብኽልተ ኒጣብ ጸረ ፖልዮ ደቅናን ካልኦት
### !ስድራናን ካብ ሳዕቤን ሕማም ፖልዮ ነድሕን

---

ምንስትሪ ጥዕና ንህጻናት ካብ ሕማም ፖልዮ ንምክልኻል ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት(ቲፓት ኽላቭ) ጸረ ፖልዮ ክታበት ይህብ ፤እዚ ዝወሃብ ክታበት ብነጻ ኮይኑ ንኹሎም ካብ 01/01/2004 ንነጀው ዝተወልዱ ህጻናት ዜጋታትን ካልኦት ሕብረተሰብን ብማዕረ ይህብ።


קול הבריאות
*5400
מוקד טלפוני אחד לכל יחידות משרד הבריאות

משרד הבריאות
לחיים בריאים יותר


## ተወሳኺ ሓበሬታ

- ጽሑፍ ምንስትሪ ጥዕና ብቃንቓታት ዓረብ፣እብራይስጢ፣እንግልዘኛን ኣንብቡ
- ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደልዩ ብቃንቓታት ዓረብ፣እብራይስጢ፣እንግልዘኛን ኣምሓሪኛን ብ(*5400)ደዉሉ


קול הבריאות
*5400
מוקד טלפוני אחד לכל יחידות משרד הבריאות

משרד הבריאות
לחיים בריאים יותר



חפשו אותנו ב-

ደቅኹም ንምኽታብ ናብ ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ መኸተቢ ኑቅጣታት(ቲፓት ኸላቭ)ብምኻድ ተገልገሉ።

ሕማም ፖልዮ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምትንኻፍ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ ብፖልዮ ዝተባህለ ቫይረስ ይመጽእ፣እዚ ቫይረስ ብኣፍ ኣትዩ ምስ ቀልቀልና ዉን ስለ ዝወጽእ ሉዑል ናይ ምልባዕ ተኽእሎ ኣለዎ፣እዚ ሕማም ኣብ መብዛሕቲኦም ዝተለኸፉ ህጻናት ምልክት ሕማም ዘየርኢ ኮኢኑ ኣብ ሓደ ካብ 1000 ዘይተኸትቡ ህጻናት ናይ መልመስቲ ጸገም የኸትል።

## ካብ ዚ ሕማም ንምኽልኻል ክንግብሮ ዝግበኣና

1. ኽታበት
2. ጽርየት፣- ቀልቀል ድሕሪ ምውጻና፣ፓምፐር ቆልዑ ምስቀየርና፣መግቢ ምድላው ቅድሚ ምጅማርናን ቅድሚ ምምጋብናን የእዳውና ንኣስታት 20ካልኢት ብማይን ስሙናን ብግቡእ ምሕጻብ

## ነዚ ሕማም ዝቃልዑ ሕብረተሰብ

- ክታበት ጸረ ፖልዮ ዘይወሰዱ ህጻናት
- ቆልዑን ዓበይቲን ዝወሰድዎ ኪታበት ብዝተፈላለየ ምኽኒያት ምስ ዝደክም
- ዓበይቲ ሰባት ብምንዋሕ ግዜ ዝወሰድዎ ክታበት ናይ ምክልኻል ዓቅሙ ምስ ዝደክም

## ክንፈልጦ ዘለና ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ጸረ ፖልዮ

ሓደ ህጻን ኩነታቱ ብዘየገድስ ብመልክዕ መርፍእ ዝዉሰድ ክታበት ጸረ ፖልዮ(IPV)ኣብ ምሉእ ሂወቱ 5ግዜ ክወስድ ኣለዎ፣-

1. ኣብ መጀመርያ ክልተ ወርሒ ዕድሚኡ
2. ኣብ መበል ኣርባዕተ ወርሒ ዕድሚኡ
3. ኣብ መበል ሽዱሽተ ወርሒ ዕድሚኡ
4. ኣብ መበል ሓደ ዓመት ዕድሚኡ
5. ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ትምህርቲ ምስ በጽሐ

ሓደ ህጻን ካብ ዞም ሓሙሽተ ክፋላት ክታበት እንተ ወሓደ ሓደ ግዜ እንተ ተኸቲቡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ብኣፍ (OPV)ዝዉሰድ ክታበት ምስታ ካልኣይቲ ይወስዳ፣እቶም ገና ብመርፍእ ዝዉሰድ ክታበት ፖልዮ ዘይወሰዱ ድማ ሕጂ ብመልክዕ መርፍእ ዝውሰድ ክታበት ይወስዱ።

ምንስትሪ ጥዕና ብዝገበሮ ወርሓዊ መጽናዕቲ ኣብ መኣከቢ ፈሳሳዊ ጎሓፍ ኣብ ከተማታት ደቡብ እስራኤል፣-ዓራድ፣ሉድ፣ ካልኦት ከተማታትን ፖልዮ ቫይረስ ተረኺቡ። በዚ ምኽንይት ምንስትሪ ጥዕና ንለበዳ ዚ ሓደገና ቫይረስ ንምክልኻል ጸረ ፖልዮ ቫይረስ ክታበት ክህብ መደብ ኣውጺኡ።

## እንታይ ኪንገብር ይግበኣና

- ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዝርከቡ ህጻናት ናብ ኣብ ቀረበኦም ዝርከብ መክተቢ ነቁጣ(ቲባት-ኸላቭ) ብምኻድ ክኽተቡ ኣለዎም
- እቶም ክታበት ጀሚሮም ዝጸንሑ ህጻናት ናብቲ ዝኽተብሉ ቦታ ክኸዱ ይግባእ